ምዕራፍ 14

ቴይለር ምስ ፊትዝግራልድ ክዘራረብ ጸኒሑ ቴሌፎን ኣንበረ።

“ፊትዝግራልድ ከም ዝነገረኒ እንተኾይኑ ምስጢር ንማዕከናት ዜና ከይሰሉኽ ክንጭነቅ የብልናን። ምኽንያቱ ባዕሉ ምምሕዳር እቲ መካነ-መቓብር ሕማቅ ስም ከትርፍ ስለ ዘይደሊ። ክፍሊ መርመራ ሬሳ ንፊትዝግራልድ ደዊሎም ከም ዝነገርዎ እንተኾይኑ፡ ብዛዕባ’ቲ ወኪል ኮይኑ ተላኢኹ ዝነበረ ኣባሎም ዘሻቕል ከም ዘይብሉን ዝኾነ ነገር ንኽይዛረብ ናይ ስራሕ መጠንቀቕታ ከም ዝተዋህቦን ነጊሮሞ ኣለው። ፔሪ ዊንገር ከኣ ኣነ ከም ዝፈልጦ ሚስጢር ከየውጽእ ንስከፈሉ ዓይነት ሰብ ኣይኮነን”

ዉዲ ብዘጋጠመ ምሒር ሰንቢዱን ደንጺይዎን ብምንባሩ ቴይለር ሓዉ ንዝብሎ ዝነበረ ኣይሰምዐን። “ከመይ ኣዲኣ ጌይራ ግን ከምኡ ክትገብር ኪኢላ?” ሓተተ ዉዲ። “ንእኪይ ተግባራታ ዋጋኣ ክነኽፍላ ኢና!!” ንኩሎም ነዲሩ ጠመቶም። “ኢሂ .... ንሳ ዝፈጸመቶ ምኽኑ ርጉጽ’ዩ። ኣይመስለኩምን?”

“ኣነ’ውን ምሳኻ እየ ዝሰማማዕ ዉዲ። ብጀካኣ ካልእ ከምዚ ዓይነት ገበን ንኽፍጽም ዝደፋፍእ ምኽንያት ዘለዎ ሰብ የለን። ኣዝያ በላሕ ጓል ምኺና ኣርእያትና ኣላ። ንኹሉ መደባትና ኣቑዲማ ትፈልጦ እያ ትመስል። ብርግጽ ከኣ ንበይና ነዚ ገበን ክትፍጽሞ ኣይትኽእልን እያ፡ ምስኣ ዝተሓባበሩ ሰባት ኣለው። ምስ እንታይ ዓይነት ዓቅሚ ዘላዋ ሰብ ንገጥም ምህላውና ሕጂ ኣጸቢቕና ዝፈለጥና ይመስለኒ”

“እሞ ሕጂ እንታይ ኢና ክንገብር?”

ቴይለር ከም ዝደኸመ ሰብ ዓሚቕ ድሕሪ ምስትንፋስ “ኣነ’ውን እንታይ ክንገብር ከም ዘለና ተዝፈልጥ ካብ ሓሳብ ምተገላገልኩ። እንተ እዛ ጓል ግን ርግጸኛ እየ ጉዳያ ናብ ቤት-ፍርዲ ከየቕረበቶ ኣይትተርፍን እያ” በለ ብህዱእ ድምጺ በቲ ዘጋጠመ ብምስክሑ ነብሱ እንዳንፈጥፈጠ።

“ናይ ምዕዋት ተኽእሎ ኣለዋ’ዶ?” ፔጊ ሓተተት።

“እወ። ከም ዝረኣናያ ከእምን ዝኽእል ነጥብታት ኣለዋ። ካልእ ቀላል ሰብ እውን ኣይኮነትን፡ ናይ ምእማን ክእለታ ተሞክሮ ዝወሰደትሉ እያ ትመስል። ፈለማ ተዘኪርኩም ንገሌና ክተእምነና ቀሪባ ነይራ እያ”

“ብወገንና ግን ክንገብሮ ዝግባእ ነገር ክህሉ ኣለዎ። ስቅ ክንብል የብልናን። ኣብዚ ጉዳይ ፓሊስ ኢዱ ተእተወ’ኺ፡ ከመይ ይመስለኩም?” ማርክ ርእይትኡ ኣቐረበ።

“ፓሊስ? ... ፊትዝግራልድ ከም ዝነገረኒ ተኾይኑ ክሳብ ሕጂ ፖሊስ ኣብ ዕጹው ማዕጾ እዮም በጺሖም ዘለው። እቲ ዝገርም ግን ፖሊስ ከተማ ቦስተንውን ነዚ ጉዳይ ብምስጢር ክሕዝዎ እዮም ዝደልዩ። ምናልባት ኩሉ ጹሉል፡ ሬሳ ሃብታማት ከይፍሕር ፈሪሖም ይኾኑ ብሚስጢር ክሕዝዎ ዝደለዩ” መለሰ ቴይለር።

“ፖሊስ ግን መንነት እዛ ጓል ከጻሪ ኣይክእልን ማለት ድዩ?”

ቴይለር ርእሱ ድሕሪ ምንቅናቅ “እዚ ናይ ፓሊስ ጉዳይ ኣይኮነን። ፓሊስ ገበን እንተተፈጺሙ ኢዱ ከእቱ ግቡኡ እዩ። እንተኾነ እዛ ጓል ንተቕርቦ መርትዖ ክምርምር ወይ ካበይ ትረኽቦ ኣላ ከጻሪ ስርሑ ኣይኮነን” ምስ በለ ንካልኢታት ትም ድሕሪ ምባል “እንተኾነ ....”

“እንታይ?”

“ናይ ውልቂ መርማሪ ቆጺርና ሓቀኛ መንነታ ክነቃልዕ ንኽእል ኢና”

“ግርም!! .. ዝሓሰብካዮ ነገር ኣይጸላእክዎን። ግን ንፈልጦ ሰብ ኣሎ ድዩ?”

“ንፊትዝግራልድ ክሓቶ እየ። .... ወይ ከኣ” ቴይለር ሓሰበ። “ተራኣኢና እኳ ኣይንፈልጥን ኢና ግን ኣብ ቺካጎ ዝቕመጥ ሓደ ፍሉጥ መርማሪ ኣሎ”

“እሞ ነዚ ጉዳይ ከጻርየልና ዝኽእል ተኾይኑ ዘይንፍትኖ” ማርክ ሓሳቡ ኣቐረበ።

“ኩላትና ንሰማምዓሉ ተኾይና’ዶ? ... ይከኣል እዩ” ቴይለር ደገፎም ንምርግጋጽ ንኹሎም ጠመቶም።

“እንታይ ዘሸግር ነገር ኣሎ ድዩ?” ካንደል ሓተተት።

“ወለሓደ ... ዝሓቶ ዋጋ ግን ክቡር ክኸውን እዩ” መለሰ ቴይለር።

“ክቡር ዲኻ ኢልካ?” ዉዲ ገሪምዎ ሰሓቀ። “ወነንቲ ቢልዮናት እኳ ኢና። ንዓናስ ክቡር ክኸውን ይኽእል ትብል?”

“እሱስ ጽቡቕ ኣለኻ .... ብዓብዩ ናይ ዋጋ ዘይኮነ ኣሰኪፉኒ ኣድላይነት ምስምማዕና ስለዝኣምነሉ’የ”

“መን’ዩ ኸ ዝበሃል?”

ቴይለር ንካልኢታት ስም እቲ መርማሪ ክዝክር ሱቕ ድሕሪ ምባል “እንድዒ ... ርግጸኛ ኣይኮንኩን ግን ሲምሶን፡ ወይ ... ሳይሞን፡ ከምኡታት እዩ ስሙ። ግን ደሓን ነቶም ኣብ ቺካጎ ዘለው ጠበቓታት ክሓቶም’የ። ንሳቶም ይፈልጥዎ እዮም” በለ።

ቴይለር ቴሌፎን ኣልዒሉ ክድውል ጀመረ።

“ሄሎው .... ዳኛ ቴይለር። እወ .... ንሓደ ካብቶም ብውልቂ መርመራን ምጽራይን ንኸካይደልኩም ትወዓዓልዎም መርማሪ እየ ደልየ። መን እዩ ስሙ ሲሞንስ ወይ ...”

“ፍራንክ ቲሞንስ ማለትካ ድዩ?” ሓተቶ ኣብ መስመር ዝተቐበሎ ሰብኣይ።

“ቲሞንስ!!! ... እወ ንሱ’ዩ” ቴይለር ፍሽኽ እንዳበለ ንኹሎም ተጠውዩ ጠመቶም። “ብውልቃዊ ጉዳይ ከዘራርቦ ስለ ዝደለኹ ቁጽሪ ቴሌፎኑ ክትህቡኒ ትኽእሉ’ዶ?” ንዝተዋህቦ ቁጽሪ ድሕሪ ምምዝጋብ ቴሌፎን ኣንበረ።

“እሞ ኩላትና ካብ ተሰማማዕና ከዘራርቦ እየ”

ኩላቶም ርእሶም ብምንቕናቕ ከም ዝሰማምዑ ገለጽሉ።

** ** **

ንጽባሒታ ናይ ድሕሪ ቀትሪ፡ ክላርክ መልእኽቱ ንከብጽሕ ኩላቶም ተኣኻኪቦሙሉ ናብ ዘለው ክፍሊ መቐበሊ ኣጋይሽ ኣተወ። “ኣቶ ቲሞንስ መጺኡ’ሎ”

ቲሞንስ ኣብ ዓርበዓታት ዕድመ ዝርከብ ድልዱል ሰብኣይ እዩ። ቴይለር ናብ ዘለውዎ ክፍሊ ሒዝዎ ንኽመጽእ ንክላርክ ሓበሮ።

“ቴይለር?”

ቴይለር ርእሱ ብምንቕናቕ ምልክት ሃበ። “ኣነ’የ”

“ፍራንክ ቲሞንስ”

“ንበር ኣቶ ቲሞንስ” ቴይለር ብምቐሉል ኣዘራርባ ጥቕኦም ናብ ዘላ ሳሎን ኣመልከተሉ።

“የቐንየለይ” ቲሞንስ ኮፍ በለ። “ንስኻ ዲኻ ደዊልካለይ?”

“እወ”

“እቲ ሓቂ ክነግረካ … በቲ ዝነገርካኒ ከም ዝተረዳእክዎ ተኾይኑ ወግዓዊ ዝኾነ መርመራ ክካየደሉ ዝኽእል ጉዳይ ኣይኮነን። ገበናዊ ትሕዝቶ ስለ ዘይብሉ ማለተይ እየ። ስለዚ ነቲ ክረጋገጸልካ ትደልይኒ ዘለኻ ነገር ርግጸኛ ኮይነ ብኽምዚ ዓይነት ኣገባብ ከስልጠልካ ይኽእል እየ ክብል ኣይክእልን እየ”

“እሱስ ጽቡቕ ኣለኻ … ከም ሕጊ፡ መርመራ እተካይደሉ ጉዳይ ዝኾነ ገበናዊ ምትእስሳር ክህልዎ ኣለዎ። ኣብ ውልቃዊ ህይወት ወዲ ሰብ ኣቲኻ መርመራታት ምክያድ ሕጊ ከምዘየፍቅዶ እውን እፈልጥ እየ፡ እንተኾነ ኣድላይነት እዚ ምርግጋጽ ልዑል ብምኻኑ መንነት እታ ዝነገርኩኻ ጓል ክተረጋግጸልና ኢና ንደሊ ዘለና”

“ኣብ ቴሌፎን ከም ዝነገርካኒ እዛ ጓል ሓፍትኹም’የ በሃሊት እያ። ካልኣይ እቲ እንኮ ኣማራጺ ዝነበረ ናይ ዲ.ኤን.ኤ መርመራ ክተካይዱላ ከም ዘይትኽእሉ እውን ነጊርካኒ ኔርካ”

“ጽቡቕ ኣለኻ” ዉዲ ንቴይለር ቀዲምዎ መልሲ ሃበ።

ቲሞንስ ኣብ ቅድሚኡ ከቢቦም ተቐሚጡም ንዘለዉ ስድራ ጠመቶም። “እሞ ኩላትኩም ነዛ ጓል ኣይኣመንኩማን ማለት ድዩ?”

“ክንኣምና እውን የሸግረና እዩ” ቴይለር መለሰ። “ሓቃ ክትኽውን ትኽእል እያ። ንዓኻ ዝደለናሉ ምኽንያት ከኣ መንነት እዛ ጓል ዘረጋግጹልና መርትዖታት ንኽተምጽኣልና እዩ”

“ጽቡቕ። ግና ንመዓልቲ ኣሸሓት ዶላራት ክሓተኩም እየ … እዚ ክብለኩም ከለኹ ኣብ ግዜ ስራሕ ንዝገብሮ ወጻኢታት ኣብ ግምት ብምእታው ማለተይ እየ”

“ኣሸሓት … ?” ቴይለር ኣሰንቢድዎ ሓተተ።

“ክንከፍለካ ኢና” ዉዲ ነገራት ክሰልጡ ጥራይ ከም ዝደሊ ሓበረ።

“ግርም!! .. እንበኣርከስ መታን ክንጅምር ኩሉ ብዛዕባ እዛ ጓል ትፈልጥዎ ዘበለ ንገሩኒ”

“ብዙሕ ብዛዕባኣ ኣፍልጦ የብልናን” በለት ካንደል።

ቴይለር ክዛረብ ጀመረ። “መንነታ ነረጋግጸሉ መርትዖ እንተ ደኣ ሃልይዋ ክተርእየና ምስ ሓተትናያ ከም ዘይብላ ነጊራትና። ኣደይ ነጊራትኒ ንዝበለቶም ገለ ናይ ንእስነትና ዛንታታት ብምንጋር ክተእምነና ፈቲና ነይራ፡ ካልእ ...”

መርማሪ ኢዱ ዊጥ ብምባል ንቴይለር ካብ ዘረብኡ ኮሎፎ። “ጽናሕ ኣይትቐጽል። መን’ያ ኣዲኣ?”

“ንሳ ከም ትብሎ ተኾይኑ ደኣ ሮዝሜሪ ነልሰን ትበሃል። ቆልዑ ኣብ ዝነበርናሉ ኣላይትና ኮይና ትሰርሕ ዝነበረት ሰራሕተኛ ገዛና እያ”

“ሮዝሜሪ ነልሰን ትፈልጥዋ ካብ ኮንኩም እንታይ ኣጋጢምዋ?”

ንሓድሕዶም ተጠማመቱ።

“ምስ ኣቦይ ምስጢራዊ ፍቕሪ መስሪቶም ነይሮም። ደሓር ጥንሲ ሰለ ዝሓዘት ካብዚ ገዛ ሃዲማ ብምኻድ ቆልዓ ወሊዳ። ብድሕሪዚ ብዛዕባኣ ንፈልጦ ነገር የለን” ዉዲ መለሰ።

“ኣሃ!! .. ተረዲኡኒ። እዛ ጓል ትብሎ ዘላ ጓላ ነዛ ዝነገርካኒ ሰብ እየ ድዩ?”

“እወ”

“ደሓን ብዙሕ እኳ ዘበግስ ሓበሬታ ኣይሃብኩምንን ግን ዝከኣለኒ ክገብር እየ”

“ንሕና’ውን ንሱ ኢና ንደሊ” በሎ ቴይለር ንኢዱ እንዳጨበጠ።

** ** **

መርማሪ ፈላሚ ስርሑ ናብ ህዝባዊ ቤት-ንባብ ከተማ ቦስተን ብምእታው ብዛዕባ ሮዝሜሪ ነልሰን ንዝተጻሕፈ ጋዜጣዊ ዓምድታት ምንባብ ጀመረ። እግረ መንገዱ ብዛዕባ ሄሪ ከምኡ’ውን ነብሰ ቅትለት ወይዘሮ ስታንፎርድ ብዙሕ ሓበሬታ ረኸበ። ብድሕሪዚ ናብ ፊትዝግራልድ ኣምረሐ።

“ፍራንክ ቲሞንስ ይበሃል። ስርሐይ ...”

“መን ምኺንካ ፈሊጠ ኣለኹ። ቴይለር ኣብ ስራሕካ ኣድላይ ዘበለ ምትሕብባር ንኽገብረልካ ነጊሩኒ ኣሎ። እንታይ ነይሩ?”

“ነታ ሓቀኛ ብወሰን ዝተወልደት ጓል ሄሪ ስታንፎርድ ክረኽባ ኣሎኒ። ሕጂ ጓል ዕስራን ሸሞንተን ዓመት ኮይና ኣላ፡ ሓቀይ?”

“እወ። ነሓሰ ትሸዓተ - 1969 እያ ኣብ ዊንኮሲን-ሚሊዋኪ ዝርከብ ቅዱስ-የውሃንስ ሆስፒታል ዝተወልደት። ኣዲኣ እያ ጁልያ ስታንፎርድ ዝብል ስም ዘጠመቐታ። ድሕሪ ምውላድ ጁልያ ግን ክልቲኣም ናበይ ከም ዘበሉ ዝተፈልጠ ነገር የለን። ብዛዕባ ጁልያ ክህበካ ዝኽእል ሓበሬታ እንተሎ እዚ ዝነገርኩኻ ጥራይ እዩ”

“ደሓን... ንመበገሲ ይኣክል እዩ”

** ** **

ወይዘሮ ዳወትሪ ኣብ ሱሳታት ዕድሜኣ ትርከብ፡ ሽበት ዝመልኦ ጸጉሪ እትውንን ኣማሓዳዳሪት ኣብ ሚሊዋኪ ዝርከብ ሆስፒታል ቅዱስ-የውሃንስ ብምኻን ንነዊሕ ዓመታት ዝሰርሐትን ትሰርሕ ዘላን ሰበይቲ እያ።

“እወ ጽቡቕ ኣለኻ ይዝክር እየ” በለት ዳወትሪ “ከመይ ኢለ’ኽ ክርስዓ ይኽእል ትብለኒ? እቲ ወረ እኮ ኣብ ጋዜጣታትን ቴሌቭዥን ዓቢ ኣርእስቲ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ከም ዝሓረሰት ምስ ተፈልጠ እሞ ሰላም ክህብዋ ኣይከኣሉን”

“ካብ ሆስፒታልኩም ምስ ወጽኣት ናበይ ከም ዝኸደት ትፈልጢ’ዶ?”

“ዝኾነ ኣድራሻ ስለ ዘይሓደገት ናበይ ከም ዘበለት ክፈልጥ ኣይከኣልኩን”

“ንክፍሊት ሕክምና ካብ ሆስፒታል ቅድሚ ምውጻኣ ድያ ከፊላቶ ወይዘሮ ዳወትሪ?”

“መስክነይቲ .... ክትወጽእ እንከላ ንዕዳኣ ብሙሉኡ ኣይከፈለቶን”

“ካብዚ ኩሉ ተገልጋሊ እዚ ሆስፒታል ግን ብኽመይ ናታ ብፍሉይ ክትዝክርዮ ክኢልኪ?”

“ኣዝያ ተሕዝነኒ ስለ ዝነበረት ይኽውን። ኣብዛ ኮፍ ኢልካላ ዘለኻ መንበር እያ ኮፍ ኢላ ነይራ። ሙሉእ ሕሳባ ዓጽያ ንኽትወጽእ ዓቕሚ ከም ዘይብላን ንገሊኡ ከፊላ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ግን ንዝተረፈ ዕዳኣ ክትሰደለይ ምኟና ነጊራ ንክተሓባበራ ለሚናትኒ። ብሕጊ ሆስፒታልና ፍቁድ’ኳ ተዘይኮነ ኣነ ግን ኩሉ ነገራታ የሕዚኑኒ ኣፍቂደላ”

“እቲ ተረፍ ሕሳባ’ኸ ከምቲ ዝበለቶ ሰዲዳትልኪ’ዶ?”

“እወ! ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ እቲ ዝተረፈ ዕዳኣ ሰዲዳትለይ። ይዝከረኒ ንኽሕነስ ኢላ ኣብ ሓደ ትካል ከም ጸሓፊት ተቐጺራ ትሰርሕ ከም ዘላ እውን ነጊራትኒ ነይራ”

“ኣበየናይ ትካል ምኳኑ ክትዝክርዮ ትኽእሊ’ዶ?”

“ኣይ! ... እንድዒ፡ ቅድሚ ዕስራን ገለን ዓመታት ንዝነገረትኒ ስም ክዝክሮ ኣይክእልን እየ”

“ንሱስ ሓቕኺ። ሓንቲ ነገር ግን ክሓተኪ፡ ናይ ኩሎም ተገልገልትኹም ውልቃዊ ፋይል ትሕዙ’ዶ ወይዘሮ ዳዊትሪ?”

“እወ። ፋይላ ዲኻ ክርእየልካ ደሊኻ?”

“ጸገም ዘለዎ ተዘይኮይኑ ... እወ” ፍሽኽ እንዳበለ ቲሞንስ መልሲ ሃበ።

“ኣቐዲመ ግን ከረጋግጾ ዝደልዮ ነገር ኣሎ?”

“እንታይ?”

“እዚ ኩሉ ዝነግረካን ዝተሓባበረካን ዘለኹ ንሮዝሜሪ ክሕግዛ ዝኽእል ድዩ ወይስ ... ?”

“ንሮዝሜሪ ኮነ ንጓላ ዓቢ ረብሓ ዘለዎ እዩ ወይዘሮ ዳዊትሪ”

“ከምኡ እንተኾይኑ በል ሓንሳብ ጽናሕ” ኢላ ካብ ቤት-ጽሕፈታ ወጽኣት።

ድሕሪ ዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቅ ወይዘሮ ዳዊትሪ ወረቓቕቲ ኣብ ኢዳ ሒዛ ናብ ቤት-ጽሕፈታ ተመለሰት።

“በል እንህልካ ... ሮዝሜሪ ነልሰን። ናይ መልሲ ኣድራሻ ከኣ ኢላይት-ታይፒንግ ሰርቪስ ኣብ ከተማ ኣማሃ ግዝኣት ኔብራስካ እዩ ዝብል ዘሎ”

** ** **

ኣቶ ብሮድሪክ ኣብ ሱሳታት ዕድሚኡ ዝርከብ ወናኒ ትካል ኢላይት-ታይፒንግ ሰርቪስ እዩ።

“ብዙሓት ግዜያውያን ሰራሕተኛታት ኢና ንቆጽር። ከመይ ኢለ እሞ እየ ቅድሚ ክንድኡ ዝኣክል ዓምታት ንዝነበረት ሰራሕተኛ ክዝክረልካ ትደልየኒ?” ቁጥዐ ሓዊሱ መለሰሉ።

“እዛ ሰብ’ዚኣ ዘይከም ካልኦት ክትዝክራ ትኽእለሉ ብዙሕ ነገራት ስለ ዝነበራ እየ ዝሓተካ ዘለኹ። ኣብ ዕስራታት ዕድሜኣ ዝነበረት፡ ከይተመርዓወት ቆልዓ ዝወለደት ጽብቕቲ ....”

“ሮዝሜሪ!!”

“ልክዕ!! ... ብኽመይ ደኣ ሃንደበት ዘኪርካያ?”

“ንዝኾነ ነገር ምስ ዘሎ ኩነታት ወይ ምስ ካልኦት ነገራት ብምትሕሓዝ ክዝክሮም ደስ እዩ ዝብለኒ። መዘኻኸሪ ክብለካ ከለኹ ተረዲእካኒ ኣለኻ ኣቶ ቲሞንስ?”

“እወ”

“ኣነ ከኣ ንነገራት ብተመሳሰልቲ ዝኾኑ ክስተታት እየ ዝዝክሮም። ኣብቲ ሸዑ እዋን ዝወጸት Rosemery’s Baby ዘርእስታ ፊልም ነይራ። ሮዝሜሪ መጺኣ ውላድ ከም ዘለዋ ምስ ኣዕለለትኒ ምስ ኣርእስቲ እታ ፊልም ኣተኣሳሲረያ። ሸዑ .....”

“ንከንደይ ዝኣክል ግዜ ምሳኻ ሰሪሓ?”

“ዳርጋ ... ዓመት ይኽውን ብግምት። ደሓር ግን ጋዜጠኛታት ኣብዚ ከም እትሰርሕ ምስ ፈልጡ ዕረፍቲ ከም ዘይህብዋ ስለዝፈለጠት እያ መስለኒ ከይተፋነወትና እያ ካብዛ ከተማ ወጺኣ። ብድሕሪኡ ኣበይ ከም ዝኣተወት ኣይፈለጥኩን”

“ኣብቲ ሸዑ እዋን ከይዳቶ ትኽውን እያ ኢልካ ዝገመትካዮ ቦታ ነይሩ’ዶ?”

“ኣነስ ናብ ፍሎሪዳ ከይዳ ትኽውን ኢለ ገሚተ ነይረ። ቆልዓ ስለ ዘለዋ ዉዑይ ኩነታት ኣየር ዘለዎ ቦታ ከም ትደሊ ትነግረኒ ምንባራ ይዝክር። ፍሎሪዳ ዉዑይ ኩነታት ኣየር ዘለዋ ከተማ ብምኻና ከኣ ምናልባት ናብኡ እንተኽይዳ ኣብ ስራሕ ክተሓባበራ ናይ ዝኽእል ወናኒ ትካል ስም ሂበያ ነይረ”

“ስም እቲ ዝሃብካያ ትካል’ዶ ምነገርካኒ?”

“ጌይል-ኤጀንሲ”

** ** **

ፍራንክ ቲሞንስ ናይ ዓሰርተ መዓልቲ ናይ ሰራሕ ጸብጻቡ ሒዙ ናብ ቦስተን ተመለሰ። ቅድሚ ምብጋሱ ንዝረኽቦም ሓደስቲ

ሓበሬታታት ብቴሌፎን ኣተንቢሁሎም ብምንባሩ ብሙሉኦም ስድራ ብሃንቀውታ ንምምጽኡ ክጽበዩ ጸንሕዎ። ቲሞንስ ናብ ቪላ ሮዝ-ሂልስ ምስ ኣተወ ክላርክ መሪሕዎ ናብቲ ኩላቶም ተኣኪቦምሉ ዘለው ክፍሊ ኣእተዎ።

“ሓዲሽ ዝረኽብክዎ ነገር ኣሎኒ ኣልካና ኔራካ ኣቶ ቲሞንስ” ቴይለር ቀዲሙ ተዛረበ።

“ጽቡቕ ኣለኻ” ብምባል ፍራንክ ቲሞንስ ተሰኪምዎ ካብ ዝመጽኦ ሳምሶናይት ወረቓቕቲ ከውጽእ ጀመረ። “ኣቐዲመ ካብ ዝሰራሕኩሎም ጉዳያት እዚ ሕጂ ሒዘዮ ዘለኹ መሳጢ ሕልኽላኽ ዘለዎ ይመስል” በሎም ናብ ኩላቶም እንዳጠመተ።

“በጃኻ ናብቲ ጉዳይ ጥራይ እቶ? እዛ ጓል ሓቃ ድያ ወይስ ትዋሳእ እያ ዘላ?” ሓተቶ ዉዲ ዓቕሉ ተጸንቒቕዎ።

“ኣቶ ዉድሮው .... ብዝሰርሓሉ ኣገባብ ንጸብጸበይ ክቅርብ ስለዝፈቱ ክተገድደኒ ኣይትፈትን”

ቴይለር ንምንኣስ ሓዉ ብዓይኑ ድሕሪ ምግናሕ “ጽቡቕ ኣለኻ ኣቶ ቲሞንስ .... ቀጽል ደሓን” በሎ።

ቲሞንስ ንዘውጸኦም ወረቓቕቲ ክገናጽል ጀመረ። ኩላቶም ናብተን ወረቓቕቲ ኣቃለቡ።

“ሮዝሜሪ ነልሰን ኣብ ሚሊዋኩ ዝርከብ ቅዱስ-ዮሴፍ ዝበሃል ሆስፒታል ጓል ተገላጊላ። ስም ጓላ ጁልያ ስታንፎርድ ተባሂሉ ከም ዝምዝገብ ገይራ። ብድሕሪዚ ካብ ግዝኣት ሚሊዋኩ ወጺኣን ናብ ከተማ ኣማሃ-ግዝኣት ኔብራስካ ከይደን። ኣብታ ከተማ ከኣ ሮዝሜሪ ኣብ ሓደ ኢላይት-ታይፒንግ ሰርቪስ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ትካል ከም ጸሓፊት ኮይና ስራሕ ጀሚራ። ኣስራሒኣ ከም ዝነገረኒ ግን ሮዝሜሪ ኣብ ርእሲ እቲ ህላዌኣ ብጋዜጣኛታት ምፍላጡ ብዙሑል ኩነታት ኣየር ከተማ ኣማሃ ሕጉስቲ ብዘይምንባራ ኣብዚ ከይደ ከይበለት ምስ ጓላ ጊዚዛ። ኣስራሒኣ ንዝሃበኒ ሓበሬታ ተሞርኩሰ ንሳን ጓላን ንፍሎሪዳ ኣምሪሐን ክኾና ኣለወን ብምባል ናብቲ ንሱ ዝበሎ ትካል ኣምሪሐ። ስም እቲ ትካል ጌይል-ኤጀንሲ እዩ ዝበሃል፡ ኣብኡ ብምኻድ ኣሰራ ክናዲ ፈቲነ። ካብ ዝሰርሓትሎም ክልተ ትካላት ካብ

ዝረኸብክዎ ሓበሬታ ከኣ ኣብ ሓደ ከተማ ንነዊሕ እዋን ይቕመጣ ኣይነበራን። ካብ ከተማ ፍሎሪዳ ናብ ሳንፍራንሲስኮ ከም ዝገዓዘት ስለ ዘረጋገጽኩ ናብ ከተማ ሳንፍራንሲስኮ ከይደ ኣብታ ከተማ ንኣስታት ዓሰርተ ዓመት ከም ዝተቀመጠት ክፈልጥ ክኢለ፡ ካብኡ ናበይ ከይዳ ዝሕብር ዝኾነ ኣንፈት ክረክብ ግን ኣይከኣልኩን። እቲ ናይ መወዳእታ ኣሰራ ከኣ ኣብ ከተማ ሳንፍራንሲስኮ ጠፊኡኒ'ሎ። ብድሕሪዚ ናብዚ ኣትያ ክንብለሉ ብዘይንኽእል መንገዲ እያ ተሰዊራ ዘላ"

"እዚ ጥራይ ኢኻ ፈሊጥካ?" ሓተቶ ዉዲ። "ኣሰራ ጠፊኡኒ ዲኻ ትብል ዘለኻ?"

"ኖኖእ ... ነዚ ዝነገርኩኹም ጥራይ ግን ኣይኮንኩን ክፈልጥ ኪኢለ። ጁልያ ስታንፎርድ ኣብ ዓሰርተ ሸውዓተ ዕድሜኣ መምርሒ ፍቃድ መኪና ክተውጽእ ኣመልኪታ ምንባራ'ውን"

"እንታይ ዝጠቅም ነገር ሃልይዎ እዩ ብዛዕባ መምርሒ ፍቃድ መኪና ትነግረና ዘለኻ?" ዉዲ ገንጨርጨር እንዳበለ ሓተቶ።

"ኣብ ግዝኣት ካሊፎርንያ ፍቃድ መምርሒ መኪና ክትወሃብ እንተኾይንካ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ይተሓዝ እዩ" ኣብ ሞንጎ እቲ ወረቓቕቲ ንዝጸንሐ ካርድ ኣውጺኡ ሓፍ ብምባል ንኩሎም ኣርኣዮም። "እዚ ትርእይዎ ዘለኹም ናይታ ሓቀኛ ጁልያ ስታንፎርድ ኣሰር ኣጻብዕቲ እዩ"

"ኣሃ ... ሕጂስ እንተ ደኣ ሓደ ዓይነት ኣሰር ኣጻብዕቲ ኮይኑ ....."

"ናይ ብሓቂ ሓፍትና እያ ማለት እዩ" በለ ዉዲ ንቴይለር ዘረብኡ ከየወድኦ።

ቲሞንስ ርእሱ ብምንቕናቕ ብሓሳብ ዉዲ ከም ዝሰማማዕ ገለጸ።

"ካልኣ ተንቀሳቓሲ ናይ ኣሰር ኣጻብዕቲ መሳርሒ ኣቁሑት ሒዘ መጺኣ ኣለኹ ... ምናልባት ኣብዚ ምሳኹም እንተሃልያ ቀልጢፍኩም ክተረጋግጹ ብምባል'የ"

"ኣብ ሆቴል እያ ዘላ። ክሳብ'ዚ ጉዳይ መዕለቢኡ ዝፍለጥ ምሳና ክትጸንሒ ትኽእሊ ኢኺ እንዳበልኩ ንግሆ ንግሆ እኳ ተረበሽክዋ ክትሰምዓኒ ግን ኣይከኣለትን"

"ክንድንኡይ የብልናን። ሕጂ ኬድና መን ምኻና ክነረጋግጽ ኣሎና" በሎም ዉዲ ካብ ኮፍ ዝበለሉ እንዳተንሰኣ።

** ** **

ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ኩላቶም ኣብ ሆቴል ትሪሞንት በጽሑ። መዓጾ ዘዕረፈትሉ ክፍሊ ምስ ከፈተትሎም ክዳውንታ ክትጠራንፍ ከም ዝጸንሐት ኣብ መደቀሲ ዓራት ብዝረኣይዎ ሳናጡ ተገንዘቡ።

“ናበይ ደኣ ትኸዲ’ለኺ?” ካንደል ሓተተታ።

ሕቆኣ ሂባቶም ምጥርናፉ ክትቕጽል ጸኒሓ ተጠውያ ንኹሎም ጠመተቶም። “ናብ ገዛይ። ናብዚ ምምጻአይ ካብ መጀመርታ እውን ዓቢ ጌጋ እዩ ነይሩ”

“ብሰንከና ክተማርሪ ኣይግበኣክን እዩ ምኽንያቱ ንዓና’ውን ናትኪ ምምጻእ ....”

“ብሰንክኹም ክብል የብለይን ዲኻ ትብል ዘለኻ? ካብ መጀመርታ እግረይ ዘንበርኩላ እዋን ጀሚርኩም ብጥርጣሬ እንበር ብቕኑዕ ሕልና ኣይጠመትኩምንን። ገንዘብኩም ክማቐል ዝመጻእኩ መደናገሪት ጌርኩም ርኢኹምኒ!! እቲ ሓቂ ግን ንገንዘብኩም ደልየ ኣይመጻእኹን። ስድራ ኣለውኒ ኢለ ብምእማነይ እየ መጺአ። ሕጂ ግን ..... ንስድራይ ፈሊጠዮም ኣይፈልጥኩዎምን ትርጉም ከም ዘይብሉ ሪኣዮ ኣለኹ” ኢላቶም ክዳውንታ ናብ ሻንጣኣ ምእታዋ ቀጸለት።

“ርኣይና’ሞ ... እዚ ፍራንክ ቲሞንስ ይበሃል። መርማሪ እዩ”

“መርማሪ? ሕጂ’ኸ እንታይ ክትብሉኒ ኢኹም ደሊኹም? ክትእሰሪ ኢኺ?!!”

“ኖኖእ፡ ከምኡ ንምባል ኣይኮነን” በላ ቴይለር። እንታይ ኢሉ ከም ዘረድኣ ንክሓስብ ንካልኢታት ስቅ ድሕሪ ምባል “እ .. ጁልያ ኣብ ዓሰርተ-ሸውዓተ ዓመታ መምርሒ ፍቃድ መኪና ተዋሂብዋ ነይሩ” ምስ በላ ምጥርናፉ ኣቋሪጻ ተጠውያ ጠመተቶ።

“እሞ እንታይ ዘይሕጋዊ ተግባር ድየ ጌይረ?”

“ኣይኮነን። መምርሒ ፍቃድ መኪና ዝበልኩሉ ምኽንያት ...”

“እቲ ምኽንያት” ቴይለር ንቲሞንስ ክሕግዞ ኣብ ሞንጎ ኣተወ። “ናይ ጁልያ ስታንፎርድ ኣሰር ኣጻብዕቲ ኣብ መምርሒ ፍቃድ መኪና ስለ ዘሎ እዩ”

“እሞ እንታይ?” ንኹሎም ተጸዊጋ ክትጥምቶም ጀመረት።

“ምስ ናትኪ ክነረኣእዮ ደሊና ኣለና” ዉዲ ንጹር መልሲ ሃባ።

ብምሒር ሕርቃን ከናፍራ ነኽሰት። “ሰሚዐልኩም ኣለኹ ሕጂ ይኣኽለኒ!! ናትኩም ምርግጋጽ ኣየድልየንን እዩ”

“ኣሰር ኣጻብዕትኺ ክነረጋግጽ ኣይተፍቅድልናን ኢኺ ማለትኪ ድዩ?”

“እወ!!”

“ንምንታይ?” ማርክ ነገራታ ገሪምዎ ሓተተ።

“ምኽንያቱ እዚ ናትኩም መርመራ ከም ሓንቲ ገበነኛ ኮይነ ከም ዝስመማኒ ይገብረኒ ብምህላዉ። ይኣኽለኒ በቃ!! ... በጃኹም ንበይነይ ክኸውን ስለ ዝደለኹ ውጹኡለይ!”

ካንደል ህድእ ኢላ “መን ምኳንኪ ናይ ብሓቂ እተረጋግጹሉ ዕድል ስለ ዝኾነ ተጠቀምሉ። ንሕና እውን ቅሳነት ክንረክብ ብዘይምኽኣልና ሓንሳብን ንሓዋሩን ንሓፍትና ክንፈልጥ ንደሊ ኢና” በለታ።

በብሓደ ንኹላቶም ክትጥምቶም ጀመረት። ርእሳ ድሕሪ ምንቅናቅ “ሕራይ እስከ ከም ዝሓሰብኩሞ ይኹነልኩም” በለቶም።

“ግርም!!” ካንደል ልዕሊ ካልኦት ተሓጎሰት።

“ኣቶ ቲሞንስ ...” ቴይለር ርእሱ ብምንቅናቕ ምርግጋጽ ንክጅምር ምልክት ገበረሉ።

ቲሞንስ ካብ ሳምሶናይት ቦርስኡ መሳርሒታቱ ኣውጺኡ ኣብ ጠረጴዛ ኣንበረ። “ናብዚ’ዶ ትመጽኢ?”

ቲሞንስ ብብሓደ ቀለም እንዳተንከፈ ኣብ ጸዓዳ ካርድ ንዓሰርቲኡ ኣሰር ኣጻብዕቲ ኢዳ ኣውጽኦ። “ከቢድ ኣይነበረን ሓቀይ?” በላ ፍሽኽ ኢሉ።

ኩሎም ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ ከቢቦም ንሓደሽቲ ኣሰር ኣጻብዕታ ምስቲ ዘምጽኦ ከነጻጽርዎ ጀመሩ።

ክልቲኡ ፍልልይ ከም ዘይብሉ ተዓዘቡ።

“ሓደ .... ሓደ ዓይነት እዮም” በለ ዉዲ ቀዲሙ።

ካንደል ብዝተፈራረቀ ስምዒት ጠመተታ። “እታ ሓቀኛ ሓፍትና ኢኺ ምሸ’ዶ?”

“ኣነ’ውን ሓፍትኹም ምኳነይ ክነግር እየ ዝፍትን ነይረ” ብታሕጓስ የዒንታ ንብዓት ቋጺሩ ፍሽኽ እንዳበለት ንኹላቶም ጠመተቶም።

ካብ ምሒር ሓጎስ ኩሎም ብሓጎሳብ ክዛረቡ ጀመሩ።

“ዘይእመን ነገር’ዩ .... !!”

“ድሕሪ’ዚ ኩሉ ዓመታት .....”

“እንታይ ደኣ ኮይና እሞ ኣዴኺ ዘይተመልሰትና .....”

“ብዘይምእማንና ንዓኺ’ውን ስለዝበደልናኪ ይቕሬታ”

ፍሽኽታኣ ደሚቑ ተራእየ። “እንኳዕ ደኣ እቲ ሓቂ ፈለጥኩም እንበር ካብሕጂ ኩሉ’ነገር ደሓን ክኸውን እዩ”

ዉዲ ሓድሽ ኣሰር ኣጻብዕታ ንዝሰፈረሉን ቲሞንስ ንዘምጽኦ ናይ ቅድም ኣሰር ኣጻብዕቲ ንዝሓዘ ካርድን ካብ ጠረጴዛ ኣልዒሉ ከነጻጽሮ ጀመረ። “ዋጋ ቢልዮን ዶላር እየን እዚኣን!!” ንክልቲኣን ኣብ ጁቡኡ ኣእተወን። “ብሓቂ እየ ዝብለኩም ነዘን ካርድ ብወርቂ ክጠምዐን እየ” ነተን ካርድ ንዘእተወሉ ጁቡኡ እንዳሃረመ ተዛረበ።

“ዓቢ ድግስ ክንገብር ይግበኣና እዩ!! ኩላትና ናብ ቪላ ሮዝ-ሂልስ ንመለስ” በለ ቴይለር ንኹላቶም በብሓደ ብሕጉስ መንፈስ እንዳጠመተ። “ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኺ ዓቢ ጽንብል ክንገብረልኪ ኢና!! ንኺድ ሕጂ ካብዚ ሆቴል ንውጻእ” በላ።

ንኹላቶም በብሓደ ጠመተቶም። “ሕልመይ ብሓቂ ክዉን ኮይኑለይ ማለት ድዩ?! ኣብ መወዳእትኡ ስድራ ከም ዘለዉኒ ፈሊጠ!!”

** ** **

ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ኣብ ቪላ ሮዝ-ሂልስ ኣብ ዝተዋህባ መደቀሲ ክፍሊ ኣትያ ኮፍ በለት። እቶም ዝተረፉ ካብ ምሒር ታሕጓስ ዝብልዎ ጠፊእዎም ኣብ ክፍሊ መቐበሊ ኣጋይሽ ኮይኖም የዕልሉ ኣለው።

“መስክነይቲ ከምዛ ካብ ክፍሊ መርመራ ገበን ናጻ ተባሂላ ዝወጽኣት ኮይኑ እዩ ዝስመዓ ዘሎ” በለ ቴይለር።

“ናይ ብሓቂ!!” ኣስዓበት ፔጊ። “ዓቃል እያ። ብኸመይ ንጠባይና ተጻዊራቶ ዘገርም እዩ!”

“ነዚ ሓድሽ ህይወታ ብኸመይ ከም ትለማመዶ ክሓስብ ጸኒሐ” ካንደል ካብ ምሒር ታሕጓስ ንሓፍታ እንታይ ከም ትገብረላ ሓርቢትዋ ኣሎ።

“ርግጸኛ’የ ነዚ ሓድሽ ህይወታ ከም ትፈትዎ!! ንክትለምዶ’ውን ግዜ ዝወስደላ ኣይመስለንን። ንሕና’ውን ሓፍቲ ኣላትና ኢልና እኮ ኢና ሓድሽ ህይወት ክንምስርት” በላ ዉዲ።

ቴይለር ኮፍ ኢሉሉ ካብ ዝጸንሐ መንበር ተንሰኣ። “ዝኾነ ኾይኑ ብሓቂ ሓፍቲ ከም ዘላትና ምርግጋጽና ኣዝዩ ዘሕጉስ’ዩ። በሉ ንስኻትኩም ኣዕልሉ ኣነ ምናልባት ትደልዮ ነገር ከይህልዋ ከይደ ክሓታ” ኢልዎም ሓዲግዎም ናብቲ ዘላቶ ክፍሊ ኣምረሐ።

** ** **

ኣብ መደቀሲ ክፍላ በጽሐ። ናብ መዓጾ ቀሪቡ ኮነ ኢሉ ዓው ብምባል “ጁልያ?” እንዳበለ ንመዓጾ ኳሕኩሐ።

“ኩፋት እዩ እቶ” ዝብል ድምጺ ካብ ውሽጢ ክፍሊ ሰምዐ።

ቴይለር መዓጾ ከፊቱ ምስ ኣተወ ቃል ከየውጸአ ንካልኢታት ጠመታ። ቀስ ገይሩ መዓጾ ዓጸዎ። ተንሲኣ መታን ክትሓቅፎ ንክልቲኡ የእዳዉ ምስ ዘርግሓላ ቀስ ኢሉ ክስሕቅ ጀመረ።

“ዝሓሰብናዮ ጌርና ማርን!! ዝሓሰብናዮ ፈጺምና!!”

** ** **

ምሸት

ምዕራፍ 15

ንኹሉ መግለጺ ኣልቦ ብዝኾነ ርቀት ፈጺምዎ'ሎ። ዕላምኡ ንኽወቅዕ ቅዲ ዘፍቅሮ ጸወታ ቼዝ እዩ ተጠቒሙ። ብልሓቱ ልዕሊ ጸወታ ቼዝ ክገብሮ ዝኽእል ነገር እንተሃለው ብዋጋ ቢልዮናት ዶላራት ትሕጃ ዝተጣልዓሉ ብምኺኑ ጥራይ እዩ። ኮይኑ ግን ተዓዊቱ'ሎ!! ቢልዮናት ኣትሒዙ ንዝኣተዎ ጸወታ ብዘእምን መንገዲ ዛዚምዎ'ሎ። ዓወቱ መጠኑ ዝሓለፎ ሓጎስን ዘይጸዓድ ፍሉይ ሓይልን ኣጎናጺፍዎ ልዕሊኡ ማንም ከም ዘየለ ኮይኑ ክስምዖ ጀመረ። ..... *ለካ ኣቦይ ቢልዮናት ተእትወሉ ውዕል ክትገብር ከለኻ ከምዚ ናተይ እዩ ዝሰመዓካ ነይሩ!! በልኪ ኣነ ወድኻ ኣብ ሙሉእ ህይወትካ ካብ ዝገበርካዮም ውዕላት ዝዓቢ ነገር ፈጺመ ኣለኹ። ናይ ዘመና ዝተራቐቐ ገበን ሃንዲሰ። ሃንዲሰዮ ጥራይ ዘይኮነ ፈጺመዮ ከሲበ ኸኣ ወጺኦ ኣለኹ* ..... በለ ብልቡ ቴይለር ኩርዓት እንዳተሰምዖ።

መበገሲ ናይዚ ዝተራቐቐ ውዲቱ ክኽውን ዝኽኣለ ሊም እዩ። እቲ መልክዐኛን ወናኒ ዝድነቐ ጠባይ ዝኾነ ሊም!! ናብ ጀርመን ከተማ በርሊን ገይሹ ኣብ ዝነበረሉ እዋን እዩ ኣብ ሓደ ባር ናይታ ከተማ ዝተላለዮ።

ሌላኣም ዝጀመረ ቴይለር ኣብቲ ባር ኣትዩ "ክጋብዝ?" ክብል ሕቶ ድሕሪ ምቕራቡ እዩ።

ሊም ናብ ቴይለር ቁሊሕ ኢሉ "ደስ ምበለኒ" ብምባል መልሲ ሃቦ።

ድሕሪ ካልኣይቲ ግብጣ ቴይለር "ኣብ ዘዕርፈሉ ሆቴል ኬድና ዘይንሰቲ?" ብምባል ዓደሞ።

ሊም ፍሽኽ እንዳበለ ጠመቶ። "ኣይትኽእለንን ኢኻ"

"ክንደይ?" ሓተቶ ቴይለር መሊሱ።

"ሓሙሽተ ሚእቲ ዶላር"

ቴይለር ኣይተማተአን። "ንኽድ" በሎ።

** ** **

ነታ ምሸት ብሓባር ክዘናግዑ ኣሕለፈዋ። በታ ለይቲ ጥራይ ቴይለር ፍጹም ኣጋጢምዎ ዘይፈልጥ ሓልዮትን፡ ልግስን ካብ ሊም ዝረኣየ ኮይኑ ተሰምዖ። ንጽባሒቱ ንግሆ ቴይለር ምስ ሊም ምዉቕ ዕርክነት ከም ዝፈጠረ ንነብሱ ኣመነላ። ኣብ ዝሓለፉ ግዚያት ምስ ብዙሓት ኣወዳት ዕርክነት ክምስርት ጽዒሩ እኳ'ተኾነ ከም ሊም ግን ፍጹም ኣየጋጠሞን። ካብታ ምስ ሊም ሓቢሮም ዝተዘናጉዕላ ምሸት ንደሓር ግን ኩሉ እቲ ብዛዕባ ዕርክነትን ሕውነትን ዘይምልከቶ ዝነበረ ክቅየር ምኻኑ ተረድኣ።

ቴይለር፡ ቁርሲ እናዳለወ "ሎሚ ምሸት'ካ እንታይ መደብ ኣለካ?" ክብል ንሊም ሓተቶ።

ሊም ብኩነታት ቴይለር ተገሪሙ ተቐላጢፉ ኣይመለሰሉን።

"ቴይለር ኣይትሓዘለይ ደኣ እንበር ምሸት ምስ ካልእ ሰብ ቆጸራ ኣሎኒ"

"ግን ሊም .... ኣነስ ሓቢርና ክልቴና ...."

"ቴይለር ... ኣነ ሓደ ክቡር ዋጋ ዝሓትት ንብረት እየ። ናብቲ ዝበዝሐ ዋጋ ዝቕርበ ዓርኪ እየ ከኣ ዝኸይድ። ዕርክነትና ዝድግፎ'ዩ፡ እንተኾነ ንዓይ ከም ሕዛእቲ ክትቆጻጸር ዘኽእል ዓቕሚ ግን የብልካን"

"እቲ ዝደለኻዮ ዘበለ ነገር ክህበካን ክቕርበልካን ይኽእል እየ"

ሊም ዘረባ ቴይለር ፍሽኽ ኣበሎ። "ናይ ብሓቂ!! ... በል ዝደልዮ ነገር'ዶ ክነግረካ። ሕጂ ናብ ደሴት ቅዱስ-ትሮፔዝ ብሓንቲ ፈጣን፡ ጻዕዳ ናይ መዘዋወሪት መርከብ ክኸይድ ምደለኹ። ኣብኡ ከኣ ማዕረቶም ቢልዮነራት ዓለም ተሰሪዐ ክዘናጋዕ ደስ ምበለኒ። ነዚ ዝበልኩኻ ክትገብር ትኽእል'ዶ?"

"ሊም ኣይምሰልካ ... የዕሩኽትኻ ተደሚሮም ካብ ዝህልዎም ሃብቲ ንላዕሊ ክረክብ እየ"

"እዋእ?! ... ጌጋ ደኣ ይኽለኣለይ እንበር ፈራዳይ ምኳንካ እንዲኻ ነጊርካኒ?"

"ጽቡቕ ኣለኻ .. እንተኾነ ኣብ ቀረባ መጻኢ ሃብታም ክኸውን'የ። ሃብታም ጥራይ ዘይኮነ ኣዝየ ሃብታም እንበር"

ሊም ናብ ቴይልር ቀሪቡ ሓቐፎ። “ኣይትሻቐል ቴይለር። ካብ ሓሙስ ጀሚረ ሰሙን ሙሉእ ነጻ እየ”

** ** **

ቴይለር ገና ወዲ ዓሰርተ-ክልተ ዓመት እንከሎ ብጓልኣንስተይቲ ተባሃጊ ከምዘይኮነ ዝፈለጠ። ሓደ እዋን ሄሪ ስታንፎርድ ወዱ ኣብ ቤት-ትምህርቱ ንሓደ መማህርቱ ክስዕሞ ከሎ ምስ ረኣዮ ብሕርቃን ዝብሎን ዝገብሮን ጠፊእዎ ነበረ። ቴይለር ነተን ክሳብ ሕጂ ዝዝክረን ቃላት ኣቡኡ ኣብታ መዓልቲ እዩ ሰሚዕወን ...*“ሓደ ዘይረብሕ ቆልዓ ምውላደይ ክኣምን ኣይከኣልኩን!! ካብሕጂ ከኣ ነቲ ጽዩፍ ምስጢርካ ዘይፈልጥ ከይመስለካ። ኣብ ኩሉ ምንቅስቓስካ ... ኖኖእ ዘረባይ ከዐሪይ፡ መዓሰ ወዲ ኮይንካ ... ምንቅስቃሳትኪ ኩሉ ክከታተለኪ እየ”*

** ** **

መርዓ ቴይለር ብኹለንተንኡ ናይ ይምሰል ተዋስኦ እዩ ነይሩ።

“ጓል ሰብ ከላልየካ?” ሄሪ ንወዱ ቴይለር ሓተቶ።

በዓል ልደት ዝተቓረበሉ እዋን ብምንባሩ፡ ኩላቶም ደቂ ስታንፎርድ ከምቲ ልሙድ ከካብዝነበርዎ ተኣኻኺቦም ኣለው። ሄሪ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ደቁ ነቲ ሕቶ ከቕርበሉ ስለ ዘይመረጸ፡ ዉዲን ካንደልን በዓል ልደት ኣሕሊፎም ናብ ቦትኣም ምስ ተመለሱ እዋን መሪጹ ሓተቶ።

“ቴይለር ... ክትምርያ ኢኻ!!”

“ክትምርያ?!! ... እንታይ ኢኻ ትብል ዘላኻ። ኣይምርያን እየ!! ድልየተይ ....”

“ስምዓኒ” በሎ ሄሪ ሓሪቁ። “ሰባት ብዛዕባኻ ብዙሕ ክዛረቡ ጀሚሮም ኣለው። ኣነ ከኣ ወረን ሕሜታን ክቅጽል ኣይደልይን እየ። ምኽንያቱ ኣብ ስርሐይን ክብረተይን ዕንቅፋት እዩ። እንተ ተመርዒኻ ግን እዞም ወረታት ክጠፍኡ እዮም ... ትርደኣኒ’ዶ ኣለኻ??!!”

“ኣነ ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ኣይግድሰንን እዩ። ዝበሉ ይበሉ ናይ ውልቀይ ህይወት እዩ”

“ይርድኣኒ … ኣነ’ውን ህይወትካ ብሃብትን ሓጎስን ዝተመልአ ክኸውን ኢየ ዝደሊ። ከም ትርእየኒ ከኣ ይኣርግ እየ ዘለኹ። ኣብ ቀረባ ግዜ ….” ሄሪ ብኽመይ ንወዱ ከም ዘስድዖ ኣይጠፍኦን እዩ።

ቴይለር ዝሰምዐን ቃላት እንታይ ኢሉ ከም ዝውስን ኣጠራጠርኦ።

** ** **

ናኦሚ ሹውየር ካብ ማእከላይ እቶት ዘለዎም ስድራ ዝተወልደት ጽቡቕ ቁመናን ጽባቕን እትውንን መንእሰይ እያ። ገና ካብ ንእስነታ ጀሚራ ምስ ዓበየት ምቹእ ናብራ ንክትመርሕ ትምነ ብምንባራ፡ ኣብ ልዕሊ ሃብታማት ዘለዋ ኣረኣእያ ፍልይ ዝበለ እዩ ነይሩ። ንሄሪ ስታንፎርድ ካብ ተድንቕን ንሃብቱ ክትምነ ካብ ትጅምርን ነዊሕ ገይራ’ያ። ዝኸውን ይመስላ ተዘይነበረ ካብ ሃብቱ ንክትካፈል ምስ ወዱ ክትምርዖ ትምነ እውን ነይራ እያ።

ሄሪ ንናኦሚ ሹውየር ከምተን ካልኦት ዝቀያይረን ኣዋልድ እዩ ዝፈልጣ። ብሓንሳብ ዝሓደሩሉ ምሸት እውን ነይሩ’ዩ። የዕሩኽቱ እንታይ ርኢኻላ ኢኻ ኪብሉ ምስ ሓተትዎ ኣብ ቅድሚኡ ስለ ዝጸንሓቶ እንበር ካልእ ምክንያት ከም ዘይብሉ’ዩ ገሊጹሎም። ናኦሚ ሃዳኒት ሃብቲ ምስ ምኻና ንሄሪ ክትስሕብ ብዙሕ ኣይተሸገረትን። ኩሉ ቀብዘርዘራን ኮሸምሸማን ንስለ ፍቕሪ ዘይኮነ ንስለ ሃብቲ’ዩ። ነዚ ምስ ኣስተብሃለ እዩ ከኣ ሄሪ ነቲ ነውራም ወዱ ብቕዕቲ’ያ ክብል ዝወሰነ።

ሄሪ ኣብ ሙሉእ ህይወቱ ንድሌቱ ከይፈጸመ ዝፈሸለሉ ግዜ ኣይዝከሮን እዩ። ከምታ ድሌቱ ከኣ መርዓ ቴይለርን ናኦሚን ድሕሪ ክልተ ወርሒ ተፈጸመ። ስነስርዓት መርዓ ብዙሕ ገፋሕፋሕ ዘይነበሮን ሚእቲን ሓምሳን ሰባት ጥራይ ብዝተዓደምዎ ድግስ ሓለፈ። ድሕሪ መርዓ ክልቲኦም ንሕጽኖት ናብ ጃማይካ እዮም ኣምሪሖም። እንተኾነ እቲ ሕጽኖት ኣይኮነን’ዶ ኣብ ልቢ ክልቲኦም ንዘይነበረ ፍቕሪ ክዘርእ፡ ነቲ ሓዳር እውን ናብ ዓቢ ፍሽለት መርሖ።

ኣብታ ቀለቤት ዝኣሰሩላ ምሸት ናኦሚ ብሕርቃን “እንታይ ዓይነት ሰብኣይ ድየ ተመርዕየ ግዲ ኣንታ ኣምላኽ? … እንታይ ክትገብረሉ ድዩ ነዚ ንብረትካ ዓዲሉካ?” ክትብል እንዳንጸርጸረት ሓተተቶ።

ቴይለር ብዝተኻኣሎ መጠን ምኽንያቱ ከረድኣ ፈተነ። “ርክብ ክንገበር ኣየድልየናን እዩ። ተመርሚና ኣለና፡ ብሓባር ክነብር ንኽእል ኢና። ውልቃዊ ህይወትና ግን ሓደ ክኸውን ኣይደልይን እየ። ... ነናትና የዕሩኽን ፈተውትን ክንሕዝ ንኽእል ኢና”

“እባ ደኣ ስቅ ኢለ ሰብኣይ ኣሎኒ ኢለ ነዓኻ ሒዘ ክኸርም!!” ናኣሚ ኣዝያ ነዲራ መለሰትሉ።

መታን ኮነ ኢላ ክተሕርቆ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ መጋየጺን ኩቡራት ክዳውንቲ መሸጣ ቡቲካትን እንዳዘረት ብፍላጥ ገንዘብ ምሕሻሽ ተታሓሓዘቶ።

“ናኣሚ ... ዘየድሊ ወጻኢታት ክትገብሪ ዓቅመይ ኣየፍቅዶን እዩ” በላ ቴይለር ትገብሮ ንዘላ ክተቋርጽ ብምትስፋው።

“እሞ ኣታዊኻ ከም ዝብርኽ ግበር። ኣነ እኮ ሰበይትኻ እየ መስለኒ። ክትጸረኒ ከኣ ግቡኣይ እዩ”

ቴይለር ናብ ኣቡኡ ብምኻድ ኣብ ሓዳሩ ንዘጋንፍዎ ዘለው ብድሆታት ገለጸሉ።

ሄሪ ትም ኢሉ ክሰምዖ ድሕሪ ምጽናሕ ክስሕቆ ጀመረ። “ደቀንስትዮ ምውናን እኮ ክቡር ዋጋ እዩ ዝሓትት። ሓቀይ እንድየ? ክነግረካ! .. ዘሎካ ኣማራጺ ምጽዋር ጥራይ እዩ”

“ንኽጻወር እውን እኮ ገንዘብ ከድልየኒ እዩ!!”

“ኣይትረበጽ ሎሚ ተዘይኮነ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዓለም ንዘሎ ገንዘብ ብሙሉኡ ክትውንኖ ኢኻ”

ቴይለር ኣቡኡ ንዝሃቦ ተስፋ ንናኣሚ እኳ ተነገራ ክሳብ’ታ መዓልቲ ክትጽበ ግን ኣይመረጸትን። ንሄሪ ስታንፎርድ ኣጸቢቕ ስለ ትፈልጦ፡ እዛ ቴይለር ሓደ መዓልቲ ኢሉ ዝጽበያ ዘሎ ትበርቅ ኮይና ኣይተራእየታን። ዝኣኽላ ምስ ኣጸለለቶ ከኣ ናይ ፍትሕ ጥርዓን ናብ ቤት-ፍርዲ ኣእተወት። ድሕሪ ፍትሕ ኣብ ባንክ ንዘቕመጦ ቅሙጥ ሕሳቡ ተኻፊላ ኣብዚ ኣትያ ከይተባህለት ተሰወረት።

ሄሪ ንወዱ ዘጋጠሞ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ሓረቐ።

“ቅድሚ ሕጂ ዘይትረብሕ ሰብ ኔይርካ ንሓዋሩ’ውን ዘይትረብሕ ኮይንካ ክትነብር ኢኻ!!”

** ** **

ቴይለር ኣብ ቤት-ፍርዲ ኮይኑ ክሲ ገበነኛታት እንዳሰምዐ እንከሎ ፖሊስ ቤት-ፍርዲ ናብኡ ቀሪቡ ኣብ እዝኑ ሕሹኽ በሎ።

“ኣይትሓዘለይ ክቡር ዳኛ ...”

ቴይለር ሕርቅ ኢሉ ብድሕሪ መንበሩ መጺኡ ሕሹኽ ንዝበሎ ፓሊስ ተጠውዩ ጠመቶ። “እንታይ ነይሩ?”

“ቴሌፎን ተደዊሉልካ ኣሎ”

“*እንታይ?* ... እንታይ’ዩ ጸገምካ በጃኻ? ቴሌፎን ክትብለኒ ኣብ ሞንጎ ...”

“ኣቦኻ’ዩ ክቡር ዳኛ። ኣዝዩ ህጹጽ ጉዳይ እዩ ዝብል ዘሎ”

ቴይለር ኣቡኡ ከም ዝደወለሉ ምስ ፈለጠ መሊሱ ተበሳጨወ። ክንዲ ዝኾነ ኣገዳሲ ነገር ይኹን ብፍላይ ኣቡኡ ካብ ሞንጎ’ቲ ኩቡር ስርሑ ከቋርጾ ብፍጹም ኣይወሓጠሉን እዩ። ኮፍ ኢሉሉ ካብ ዝጸንሐ ዙፋኑ ተንሰኣ። “ቤት-ፍርዲ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ደቓይቕ ዕረፍቲ ወሲዱ’ሎ” በሎም ንተጋባእቲ።

ኣብ ውሽጢ እቲ ቤት-ፍርዲ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈቱ ኣትዩ ቴሌፎን ኣልዓለ። “ኢሂ?”

“ተስፋ ይገበር ቴይለር ... ይርብሸካ ከይህሉ”

“እቲ ሓቂ’ዶ ክነግረካ .... ትርብሸኒ’ለኻ። ኣብ ሞንጎ መጋበኣያ ከለኹ ኢኻ ደዊልካለይ ....”

“ደሓን ናይ መጋብኣያ ብዙሕ ጸገም የብሉን .... ዓመታት ጥራይ ጸዓኖም”

“ኣቦይ ሕጂ ...”

“ሓደ ዓቢ ጸገም ኣጋጢሙኒ’ሎ፡ ክትሕግዘኒ’የ ደልየ”

“እንታይ ዓይነት ጸገም?”

“ሰራሕተኛታተይ ብድሕረይ ይሰርቁኒ ኣለው”

ቴይለር ክኣምን ኣይከኣለን። ነዚ ንኡስ ጸገም ክብል ካብ ሞንጎ’ቲ ዘኽብሮ ስርሑ ስለዘቋረጾ ምሒር ተቓጸለ። “ካብ ሞንጎ መጋብኣያ ኣቋሪጸ ንኽሰምዓካ ዝደወልካለይ ምኽንያት እዚ’ዩ ነይሩ?!!”

“ቴይለር ንስኻ ማለት ሕጊ እኻ። ሓቀይ እንድየ? ናብ ቦስተን መጺእካ ንኹሎም ኣባላት ስታፍ ክተወጻጽኦም ደልየ ኣለኹ። ፍጹም ካብ ግምተይ ንላዕሊ ከም ዕዉር ይዘምቱኒ እዮም ዘለው”

ቴይለር ሕርቃኑ ጥርዚ በጽሐ። “ኣቦይ ንምንታይ ግን ....”

“ካልእ ሰብ ዘይትቆጽር?” ሄሪ ሓሳብ ወዱ ቀዲሙ ስለ ዝተረድኦ መለኣሉ። “ካልእ ሰራሕተኛ ንከይቆጽር እምነት የብለይን። ስለዚ ካብ መርማራይ ዝቆጽር በዓልኻ መጺእካ ኣጻርየለይ”

“ዝሓዝኩዎም ገበናዊ ጉዳያት ስለ ዘለው ናብ ቦስተን ክመጽኣካ ኣይክእልን እየ”

ንካልኢታት ሰቐታ ኮነ። “እንታይ ማለትካ’ዩ እሞ ቴይልር ... ኣይመጽእን እየ!!”

“ኣብዚ ግዜ እዚ ዝሓዝክዎም ብዙሓት ክስታት ስለ ዘለው ....”

“ቴይለር ... ከም ዝርድኣኒ ንዓይ ንኣቦኻ ክተሕዝን ኣይትደልይን ኢኻ .. ወይድማ .... ንፊትዝግራልድ ኣዘራሪበ ወረቐት ኑዛዜይ ለውጢ ክገብረሉ ከም ዝደለኹ ክነግሮ”

ቴይለር ኣቡኡ ሓያል ሴፉ ከም ዝመዘዘሉ ተረድኣ። እንተድኣ ኣብይዎ ድሕሪ ሞቱ ብዝጽበየን ቢልዮናት ዶላራት ይጣላዕ ምህላዉ ተገንዘበ።

“ሕራይ እስኪ!! ... ነፋሪትካ እንተደኣ ሰዲድካለይ ክምጽእ እየ” በሎ ቴይለር ኣማራጺ ስኢኑ።

“ቴይለር!! እዚ’ሞ ክኸውን ዘይክእል ነገር እዩ። ንስኻ ጥራይ ንዓይ የሕጉሰኒ እንበር፡ ነታ ነፋሪት ኣብ ቀረባ መጻኢ ክትውናና እንዲኻ ግዲ። ንሕጂ ግን ብናይ ገያሽ ነፋሪት ጌርካ ምጻእ። መዓልታት ኣይትውሰድ ... ቀልጢፍካ ናብ ቦስተን ክትመጽእ ኣሎካ” ኢሉ ትእዛዙ ድሕሪ ምሃብ ንመስመር ቴሌፎን ዓጸዎ።

ቴይለር ኣብ ተሸከርካሪ መንበሩ ኮፍ ኢሉ ሓሰበ። ክብረቱ ባዕሉ ዘጉድሎ ዘሎ ኮይኑ ተሰምየ። ... *ንዓይሲ ኩሉሻዕ ስምዚ ክገብረኒ። ተደልዩ ንምንታይ ገንዘቡን ንሱን ገሃነም ዘይኣትዉ!! ኣይከይድን እየ!! ብፍጹም ኣይከይድን እየ!!*

ኣብ ሓሳቡ ኣይጸንዐን። ናይ ድሕሪ ቀትሪ ናብ ቦስተን ተበገሰ።

** ** **

ቤት-ጽሕፈት ስታንፎርድ ኢንተርፕራይዝ ካብ ጸሓፍቲ ጀሚርካ፡ ኣውቲስታታት፡ ጀርዲነራት፡ ከምኡ'ውን ናይ ጸጥታ ኣባላት ዝርከብዎም ዕስራን ክልተን ሰራሕተኛታት ኣለውዎ።

“ብሙሉኣም ሰረቕቲ እዮም። ሓደ ዝኣምኖ ሰብ የብለይን”

“ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ናይ ብሓቂ ተሻቂልካ እንተኾይንካ ንምንታይ ሕብእብእ ተብሎ .... ናይ ውልቂ መርማሪ ዘይትቆጽር ወይ ንፓሊስ ዘይትሕብር?” ሓተቶ ቴይለር።

“ንስኻ ከለኻ!!” መለሰ ሄሪ “ፈራዳይ እንዲኻ ... ነዞም ቀጠፍቲ ክትፈርደለይ እየ ዝደሊ”

ቴይለር ዝሰምዖ ጽሩይ ኣሸካዕላል ምኽኑ ኣይጠፍኦን።

ምስ ኣቡኡ ድሕሪ ምዝርራቡ ብምልኩዓት ስእልታትን ብሉጽ ንብረትን ንዝወቀበ ዓቢ ቤት-ጽሕፈት እንዳተዘዋወረ ተዓዘበ። ኣብ ቺካጎ ንዝነብረሉ ዘሎ ገዛ ዘከረ ..... *ንዓይሲ እዚ'ዩ ዝግብኣኒ ነይሩ .....* ኣስተማሰለ ቴይለር። *ሓደ መዓልቲ እኳ ዋንኡ ከም ዝሽውን ርግጸኛ'የ።*

** ** **

ቴይለር ብብሓደ ንኩሎም ሰራሕተኛታት ኣዘራረቦም። ዝበዝሑ ካብቶም ሰራሕተኛታት ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ነዊሕ ዘይገበሩን ሓደሽትን ኮይኖም ረኸቦም። ምኽንያት ምብዛሕ ሓደስቲ ሰራሕተኛታት እንታይ ምኽኑ ኣይጠፍኦን፡ ምስ ኣቡኡ ንንውሕ ዝበለ እዋን ክትሰርሕ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ምኽኑ ይፈልጥ እዩ። ናይ ገለ ሰራሕተኛታት ግን ብጣዕሚ ዘገርም ኮይኑ ረኸቦ። ኣብ ካልኣይ መዓልቶም ስርሖም ዝሓደጉ ከም ዘለው እውን ክፈልጥ ከኣለ። ኣብ ዝገበሮ ምጽራይ ብጀካ ዉሑዳት ንኡስ ናይ ጁባ ቀጠፍጠፍ ዝፈጸሙ ካልእ ዝተጋነነ ናይ ምጥፍፋእ ገበን ክረክብ ኣይከኣለን።

እዚ ቴይለር ዝበጽሖ መደምደምታ'ዚ ነቲ የማናይ ኢድ ኣቡኡን ሓላዊኡን ዝኾነ ዲሚትሪ ካሚኒስኪ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይነበረን።

** ** **

ዲሚትሪ ካሚኒስኪ ምስ ሄሪ ስታንፎርድ ነዊሕ ዓመታት እዩ ሰሪሑ። ቴይለር ሳላ ምስ ገበነኛታት ዘውዕሎ ክቡር ሞይኡ፡ ኣብ ዲሚትሪ ገለ ባህ ዘይበሎ ነገር ከም ዘሎ ንኽግንዘብ ግዜ ኣይወሰደሉን። ብቐንዱ ንምንታይ ኣቡኡ ነቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ሓላዊኡን ኣውቲስትኡን ዝነበረ ሰጉጉ ንዲሚትሪ ስራሕ ከእትዎ ከም ዝወሰነ ክፈልጥ እውን ደለየ።

ዲሚትሪ ነዊሕ ቁመና ዘለዎ፡ ሰፊሕ ደረትን ብስፓርት ዝተሃነጸ ኣካላት ዝውንን ድልዱል ሰብኣይ እዩ። ቋንቋ እንግሊዝ ክዛረብ እንከሎ በቲ ራሽያዊ ልሳኑ ተሓጊዝካ መበቆሉ ካበየናይ ክፍሊ ዓለም ምኻኑ ንክትፈልጦ ኣየጸገመካን እዩ።

“ደሊኻኒ ኔርካ?”

“እወ” ቴይለር ኣብ ቅድሚኡ ናብ ዘነበረ መንበር ብምምልካት ኮፍ ንክብል ሓበሮ። ናይ ዲሚትሪ ፋይል ከንብብ እኳ ተጸንሐ ብጀካ ኣብ ራሽያ ምውላዱ ዝነግር ካልእ ኣንፋቲ ሓበሬታ ክረክብ ኣይከኣለን።

“ኣብ ራሽያ ኢኻ ተወሊድካ ሓቀይ?“

“እወ” ዲሚትሪ ሓጺር መልሲ ሂቡ ንቴይለር ኣቶኪሩ ክጥምቶ ጀመረ።

“ኣበይ ዝበሃል ቦታ?”

“ሲሞለንስኪ”

“ንራሽያ ገዲፍካ ንኣሜሪካ ዝመጻእካሉ ምኽንያት’ዶ ክትነግረኒ?”

“ኣብዚ ብዙሕ ዕድላት ስለ ዘሎ”

እንታይ ዓይነት ዕድላት? …. ቴይለር ሓሰበ። ገለ ዝሓብኣሉ ነገር ዘሎ ኮይኑ ተሰምዖ። ክልቲኦም ንዝቐጸላ ዕስራ ደቓይቕ ተዘራረቡ። ዲሚትሪ ካብ ኮፍ ዝበሎ ተንሲኡ ካብቲ ቤት-ጽሕፈት ክሳብ ዝወጽእ ተጸበየ። ….. *ዝሓብኣለይ ምስጢር ኣለዎ …*

** ** **

ቴይለር ኣብ ቤት-ጽሕፈት FBI ናብ ዝሰርሕ ፍሬድ ማስተርሶን ዝተባህለ ዓርኩ ደወለ።

“ፍሬድ .. ሓደ ነገር ክትሕግዘኒ ደልየ ነይረ”

“ጸገም የለን። …. ንስኻ’ኸ ኣብ ቺካጎ ምስ መጻእኩ ናይ ትራፊክ መቕጻዕተይ ትድምስሰለይ ዲኻ?”

“ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ ፍሬድ … ይላገጽ ኣይኮንኩን ዘለኹ”

“አው … ኣገዳሲ ተኾይኑ ንገረኒ”

“ብዛዕባ ሓደ ናብ ኣሜሪካ ዝመጽአ ራሽያዊ እንታይነት ክተረጋግጸለይ ደልየ ነይረ”

“ሓንሳብ እሞ ቴይለር ምስ ኣባል ClA ትዛረብ ዘለኻ ድዩ መሲሉካ? ኣነ እኮ ኣብ FBl እየ ዝሰርሕ”

“ይርድኣኒ’ዩ ፍሬድ። እንተኾነ ኣብ ClA ዝፈልጦ ሰብ የብለይን”

“ኣነ’ውን ከማኻ እየ”

“ፍሬድ በጃኻ!! ተደሊኻ ክትገብሮ ትኽእል እኻ። ናይዚ ዝሓተሉ ዘለኹ ሰብ እንታይነት ተተጻርየለይ ንዓይ ዓቢ ትርጉም እዩ ዘለዎ”

“መንዩ ስሙ?”

“ዲሚትሪ ካሚኒስኪ”

“ዲሚትሪ?!! …. ኣሜሪካዊ ኣይኮነን ሓቀይ?” ካብ ስሙ ገሚቱ ንቴይለር ሓተቶ።

“ራሽያዊ’ዩ”

“አው! … እንታይ ክገብር እየ መስለካ …. ዋሺንግተን ኣብ ዝርከብ ኤምባሲ ራሽያ ዝሰርሕ ሰብ ይፈልጥ እየ። ብዛዕባ እዚ ዝነገርካኒ ሰብ ዝፈልጥዎ ነገር እንተልዩ ክሓቶም። ካብዚ ሓሊፉ ግን ክገብረልካ ዝኽእል ነገር የለን”

“የቐንየለይ ፍሬድ፡ እኹል’ዩ!”

** ** **

ንምሸታ ቴይለር ምስ ኣቡኡ ድራር ተቐረበ። ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ጀሚሩ እንዳኣረገን እንዳደኽመን ክኽደሉ እኳ ተተመነየ ኣብ ቅድሚኡ ተቐሪቡ ዝድረር ዘሎ ኣቡኡ ግን መዓልታዊ እንዳደልደለን እንዳሓየለን ዝኸይድ ዘሎ ኮይኑ ተሰምየ ….. *እዚ ሰብኣይዚ ንሓዋሩ ዝመውት ኣይመሰለን …. ቴይለር ተስፋ ብምቁራጽ ሓሰበ። ሰይጣን!! ድሕሪ ኩላትና እዩ ግዲ ክመውት!!*

ኣብ ድራር ዘረባ ብሓደ ወገን ጥራይ ዝተባሕተ ነበረ።

“ኣብ ሃዋዪ ዝርከብ መመንጨዊ ኤሌክትሪክ ክዕድጎ ስምምዕ ጌይረ ወዲአ ኣለኹ ....”

“ዝመጽእ ሰሙን ናብ ኣምስተርዳም ክይደ ነቲ ኣብ GATT ተራእዩ ዘሎ ሕልኽላኻት ከተዓራሪ ....”

“ዋና ጸሓፊ ኣሜሪካ ናብ ቻይና ኣብ ዝገብሮ ንግዳዊ ዑደት፡ ክም ኣውፋሪ ምስኡ ንክኸይድ ዓዲሙኒ’ሎ ....”

ቴይለር ካብ ምስማዕ ሓሊፉ ኣይተዛረበን። ድራር ተደሪሮም ምስ ወድኡ ኣቡኡ ካብ መንበሩ ተንሰአ።

“ጉዳይ እቶም ቀጠፍቲ ሰራሕተኛታት’ከ ኣብ ምንታይ ማዕልቦ በጺሕካ?”

“ገና ምጽራይ የካይደሎም እየ ዘለኹ”

“ጽቡቕ። ግን ግዜ ኣይትውሰድ!!” ኢልዎ ካብቲ ክፍሊ ወጽአ።

** ** **

ንጽባሒታ ንግሆ ቴይለር ካብ ፍሬድ ማስተርሶን ቴሌፎን ተደወለሉ።

“ቴይለር?”

“እወ”

“ፍልይ ዝበለ ሰብ ኢኻ ሓቲትካኒ”

“ብኸመይ?”

“ዲሚትሪ ካሚኒስኪ ኣባል ጉጅለ ማፍያ ፖልጎ-ፕሩድኔስካ እዩ”

“እንታይ ... እንታይ?? ኣይተረድኣንን!!”

“ደሓን ጽን ኢልካ ስምዓኒ። ኣብ ዋና ከተማ ራሽያ - ሞስኮ ሽሞንተ ፍሉጣት ጉጅለታት ማፍያ ኣለዋ። ኩላተን ከኣ ንሓድሕደን ንጥቕምን መኽሰብን ክብላ ኣብ ግጭት ይኣትዋ እየን። ካብተን ሽሞንተ ጉጅለታት ማፍያ ግን እተን ክልተ ዝሓየላ ጉጅለታት ዝበሃላ፡ እታ ሓንቲ ‘ቸቸንስ’ ክትኸውን ከላ እታ ካልኣይቲ ተጻራሪታ ከኣ ‘ፖልጎ-ፕሩድኔስካ’ ትበሃል። እዚ ዝሓተትካኒ ሰብ ምስዛ ካልኣይቲ ዝነገርኩኻ ጉጅለ ማፍያ እዩ ዝሰርሕ ማለት እዩ። ጉጅልኡ ንሓደ ካብቶም ወሰንቲ መራሕቲ ‘ቸቸንስ’ ክቕንጽለሎም ናይ ኮንትራት ስራሕ ሂቦሞ

ነይሮም። እንተኾነ ዲሚትሪ ካሚኒስኪ ከምቲ ውዕሉ ክንዲ ዝገብር ናብቲ ቅተሎ ዝተባህሎ ሰብ ብምኻድ ዝሓሸ ውዕል ገበረ። ጉጅለ ማፍያ ‘ፓልጎ-ፕሩድኔልካ’ ነዚ ነገር ምስ ፈለጡ ዲሚትሪ ክቕንጸል ንካልእ ሰብ ኮንትራት ሃቡ። ናይዞም ናይ ራሽያ ጉጅለታት ማፍያ ኣቀታትላ ፍሉይ ቅዲ እዩ ዘለዎ። መጀመርታ ኩለን ኣጻብዕትኻ ይቆርጽወን፡ ብድሕሪኡ እንዳተሳቀኻ ንክትደሚ ድሕሪ ምሕዳግ ኣብ መወዳእታ ብጥይት የቃብጹኻ”

“ኣምላኸይ ምሕረትካ ሃበኒ!!” ቴይለር ረዓደ።

“ዲሚትሪ ካሚኒስካ ካብ ራሽያ ክሃድም’ኳ ተኻኣለ ክሳብ ሕጂ ግን ብጉጅለ ማፍያ ‘ፓልጎ-ፕሩድኔስካ’ ይድለ እዩ ዘሎ”

“ኣይኣምነካን እየ!!”

“እዚ ጥራይ ኣይኮነን .... ብፓሊስ ራሽያ እውን ብገበናት ቅትለት ስለ ዝጥርጠር ተደላያይ እዩ። ኣበይ ከም ዘሎ ትፈልጥ እንተደኣ ኮይንካ ንዓታቶም እውን ሓጋዚ ምኾነ”

ቴይለር መልሲ ቅድሚ ምሃቡ ሓሰበ። *ኣብ ከምዚ ዓይነት ገበናት ግዜይ ብሽንቱ ክጥፍእ ኣይደልይን እየ .... ንምንታይ ኢለ ኣብ መርመራን ንፓሊስ ቃል ምሃብን ዝኣቱ ...*

“ኣበይ ከም ዘሎ እኳ ኣፍልጦ የብለይን። ሓደ ራሽያዊ ዓርኪይ ተመሳሳሊ ሕቶ ምስ ሓተተኒ ንኽረጋግጽ ኢለ’የ ኣጻርየለይ ኢለካ። የቕንየለይ ፍሬድ” ቴይለር ንቴሌፎን ዓጸወ።

** ** **

ናብ ክፍሊ መደቀሲ ዲሚትሪ ካሚኒስኪ ምስ ኣተወ ጽዩፍ መጋዚናት ክርኢ ጸንሐ። ዲሚትሪ ብድድ ኢሉ ካብ ዝተቐመጠሉ መንበር ብምትንሳእ ንቴይለር ክጥምቶ ጀመረ።

“ንብረትካ ጠርኒፍካ ብቅልጡፍ ክትጠፍእ ኣሎካ!!”

ዲሚትሪ ጋን ኮይንዎ ኣፍጢጡ ጠመቶ። “እንታይ’ዩ እቲ ሽግር?”

“ምርጫ ይህበካ ኣለኹ። ወይ ካብዚ ጠቕሊልካ ዉጻእ ተዘይኮይኑ ግን ንፓሊስ ራሽያ ህልውናኻ ክሕብሮም እየ”

ዲሚትሪ ገጹ ጸማልያ መሰለ።

“ሰሚዕካኒ’ዶ ኣለኻ?”

“እወ ... ሰሚዐካ ኣለኹ” መለሰ ዲሚትሪ።

** ** **

ቴይለር ንኣቡኡ ከዘራርቦ ከደ። .... *ብሰርሐይ ክሕጎስ እዩ* .... ሓሰበ ቴይለር ኣብ መንገዲ። .... *ካብ ዓቢ መዘዝ እየ ኣድሒነዮ።* ሄሪ ኣብ ቤት-ንባብ ቪላ ሮዝ-ሂልስ ጸንሑ።

“ንቡሙሉኣም ሰራሕተኛታትካ ሓቲተ” ብምባል ጀመረ ቴይለር “ዝረኸብክዎ ነገር ...”

“ንኡድ ስራሕ ቴይለር!! ... ገለ ምሳኻ ዝዓርኽ ንኢሽተይ ወዲ እሞ ኣይረኸብካን?”

ቴይለር ዘይተጸበዮ ዘረባ ብምስምዑ ብሕርቃን ገጹ ቀይሐ። “ኣቦይ ....”

“ሓደ ዘይትረብሕ ሰብ ኢኻ ቴይለር .... ንሓዋሩ እውን ከምኡ ኮይንካ ኢኻ ክትነብር። ኣነ ዝገርመኒ ግን ብኽመይ ካባይ ከማኻ ዓይነት ፍጥረት ክፍጠር ክኢሉ’ዩ?!! ደሓን ሕጂ ናብቶም ኣብ ቺካጎ ዘለው የዕሩኽትኻ ጥራይ ተመለሰለይ”

ቴይለር ሕርቃኑ ክቆጻጸር እንዳፈተነ ኣብ ዘለዎ ተዓኒዱ ደው በለ።

“እዚ ኩሉ ተገዲሰ ኣጻርየልካስ ከምኡ ኢልካ .... !!” ቴይለር ኣመና ብምሕራቁ ክቅጽል ኣይከኣለን። ቃል ከይወሰኽ ካብቲ ቤት-ንባብ ክወጽእ ጀመረ።

“ብዛዕባ ሰራሕተኛታተይ’ከ .... ክፈልጦ ዝግብኣኒ ነገር ኣሎ ድዩ?”

ቴይለር ንኣቡኡ ተጠውዩ ጠመቶ። *ለካ ክሳዕ ክንድዚ ኢኻ ትጸልኣንን ትንዕቀንን፡ ኣነየ ጌገኛ ብኣኻ ተሰፉ ዘይምቑራጸይ ....*

“የለን” ሓጺር መልሲ መሊሱሉ ሓዲግዎ ካብቲ ቤት-ንባብ ወጸ።

** ** **

ቴይለር ናብ ክፍሊ ዲሚትሪ ምስ ኣተወ ክጠራንፍ ጸንሑ።

“ይኽይድ ኣለኹ” በሎ ዲሚትሪ ኣንዳስቆርቆረ።

“ኣይትኺድ!! ሓሳበይ ቀይረ ኣለኹ”

ዲሚትሪ ንቴይለር ተጠውዩ ጠመቶ። “እንታይ ኢልካ?”

“ደሓን ክትከይድ ኣይደልይን እየ። ከም ቀደምካ ናይ ኣቦይ ሓላዊ ኮይንካ ስራሕካ ክትቅጽል እየ ዝደሊ”

“ብዛዕባ’ቲ ትፈልጠለይ ጉዳይ’ከ?”

“ክልቴና ከም ዘይንፈልጥ ክንከውን ኢና”

ዲሚትሪ ብዓይኒ ጥርጣረ ጠመቶ። “ንምንታይ ግን? … እንታይ ንክገብረልካ ዝሓሰብካዮ ነገር ስለ ዘሎ እዩ ሓሳብካ ዝቐየርካ?”

“ዓይነይን እዝነይን ክትኸውን ኢኻ። ካብሕጂ ኣቦይ ንዝገብሮም ነገራት ብሙሉኣም ንዓይ ክተፍልጠኒ ኢኻ”

“ንምንታይ ኢለ ከምኡ ዝገብር?!!”

“ምኽንያቱ ከምኡ እንተደኣ ጌርካ ናብ ፓሊስ ራሽያ ኣይከረክበካን እየ። ካልኣይ ነገር ከኣ ኣብ ቀረባ እዋን ሃብታም ሰብ ክገብረካ ስለዝኾንኩ”

ዲሚትሪ ውዕል የቕርበሉ ንዘሎ ሓዲሽ ሓለቅኡ ኣቶኪሩ ብምጥማት ከጽንዖ ድሕሪ ምፍታን ፍሽኽ በለ።

“ሕራይ ክጸንሕ’የ”

ድሕሪ’ዛ መልሲ እዩ ከኣ ዲሚትሪ ካሚኒስኪ ንሕቡእ ሽርሒ ኣሃዱ ኢሉ ዝፈለመ።

** ** **

ቴይለርን ዲሚትሪ ካሚኒስኪን ቅድሚ ክልተ ዓመት እዮም ውዕል ኣትዮም። ወላ እኳ ኣብ ውሽጢ እዘን ክልተ ዓመታት ቴይለር ብዛዕባ ኣቡኡ ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት እንተበጽሑ፡ መብዛሕትኡ ግን ካብ ዘይጠቕም ወረ ዝሓልፍ ኣይነበረን። ዲሚትሪ ዝበዝሑ ጸብጻባቱ ምስ ኣይነይቲ ጓል ተራእዩ፡ ምስ መን ሓዲሩ ዝኣመሰሉ ዝበዝሕዎ ኣብ ውልቃዊ ህይወት ሄሪ ዘተኮሩ እኳ ተነበሩ፡ ሓሓሊፉ ግን ብገለ ከም ዕድል ንዝሰምዖም ናይ ንግዲ ውዕላት እውን ኣብ ትግባረ ቅድሚ ምብጽሖም ይሕብሮ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ቴይለር ምስ ምንዋሕ ግዜ ዝረኽቦም ዝነበሩ ሓበሬታታት ርዝነት ከም ዘይብሎም እንዳተገንዘበ ምስ መጽኡ፡ ንዲሚትሪ ብዘቕረበሉ ዉዕል ክጠዓስ እኳ ተጀመረ፡ ኣብ ውዱእ ሰዓት ካብ ሳርዲና ኮይኑ ዝድወለሉ ቴሌፎን ግን ምስ ኣቡኡ ዝኣተዎ ቁማር ኣኽሳቢ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣተንበሃትሉ።

“ምስ ኣቦኻ ኣብ መርከቡ እየ ዘለኹ። ንጠበቐኡ ክድውለሉ እዩ ጸኒሑ። ሰኑይ መዓልቲ ኣብ ከተማ ቦስተን ምስኡ ተራኺቡ ወረቐት ኑዛዜኡ ክቅይሮ’ዩ ደልዩ መስለኒ”

ቴይለር ነዛ ሓበሬታ ምስ ሰምዐ፡ ኣቡኡ ኣብ ዝሓለፈ ዘመነ ህይወቱ ንዘውረደሉ ኣበሳ ዘከረ። ብቐጽበት ሕነ ናይ ምፍዳይ ሓሳብ ቅጅል በሎ። …. *ኑዛዜኡ ክቅይሮ እንተደኣ ተጸብየ ነዘን ኩለን ዓመታት መሲሉኒ ዝተዋረድክዎን ዝተገዛእኩሉን ዋጋ ዘይብሉ ኮይኑ ክተርፍ ማለት እዩ። ንዝሓሰቦ ዘሎ እኪት ክፍጽም ብሰቅታ ክጽበ የብለይን!! ጠጠው ከብሎ ዝኽእለሉ ኣማራጺ ከኣ ሓደ ጥራይ እዩ* …. ብምባል ሓሰበ።

“ዲሚትሪ፡ ቀዳም ክትድውለለይ ደልየካ ኣለኹ!!”

“ሕራይ!!”

ቴይለር ንቴሌፎን ድሕሪ ምዕጻው ሓሰበ …. *ልክዕ ከም ጸወታ ቼዝ ነቲ ሕቡእ ወተሃደረይ ዝጥቀመሉ እዋን ሕጂ’ዩ …*

** ** **